
# ምስ ደቕኹም ብዛዕባ ናይ ቪድዮ ጸወታታት ትዛረቡ ዶ፧



snakkomspill.no



**ብዛዕባ ጸወታታት ምስ ደቕኹም ትዛረቡ ዶ፧**

ምስ ደቕኹም ክሳብ ክንደይ እዋን ናይ ቪድዮ  ጸወታ ትጻወቱ፧

ትሕዝቶ ናይቲ ደቕኹም ዝጻወትዎ ጸወታ ክሳብ ክንደይ ትፈልጥዎ፧

ውላድኩም ክሳብ ክንደይ ዝኸውን ናይ ቪድዮ ጸወታ ከም ዝጻወት ትፈልጡ ዶ፧

ናይቲ ውላድኩም ዝጻወቶ ናይ ቪድዮ ጸወታ ናይ ዕድመ ገደብ ክሳብ ክንደይ ምዃን ትፈልጡ ዶ፧

ውላድኩም ክሳብ ክንደይ ዝኸውን ግዜ ኣብ ናይ ቪድዮ ጸወታ ከጥፍእ ክፍቐደሉ ከም ዘለዎ ተሰማሚዕኩም ዶ፧

**ብዙሓት ቆልዑን መንእሰያትን ብዙሕ ግዜ ኣብ ናይ ቪድዮ ጸወታ ኣብ ምጽዋት የጥፍኡ፣ እዚ ግን ኣዝዩ ኣሸጋሪ ዝኾነ ኣብ ውሱን እዋናት ጥራይ ኢዩ።**

ወለዲ ቀልጢፎም ኣብ ናይ ውልዶም ናይ ምጽዋት ባህሪ ኣንተተሳቲፎም፣ እቲ ኣሰካፊ ክኸውን ዝኽእል ነገር ቀልጢፉ ይውገድ፣ ንስኻን ስድራካን ግዜኹም ኣብ ምንታይ ከተጥፍእዎ ትደልዩ ትውስኑ፣ እቲ ቅቡል ኢልኩም ትሓስብዎ እውን ትውስኑ። ዝተፈላለዩ ቆልዑ ዝተፈላለየ ድልየትን ዝንባለን ኣለዎም፣ እንተኾነ ግን ኩሎም ቆልዑ ቅርጺ ምትሓዝን ገደብን የድልዮም። ገደም ምግባር ዘይምርድዳእ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እውን ይሕግዝ ኢዩ። ስለዚ፣ ምስ ደቕኹም ብዛዕባ ጸወታታት ምዝራብ ቀልጢፍኩም ጀምርዎ፣ ክንደይ ግዜ ከጥፍኡ ከም ዘለዎምን እንታይ ዓይነት ጸወታ ክጻወቱ ከም ዘሎዎምን ወስኑ።


BARCO

## ብዛዕባ ናይ ቪድዮ ጸወታታት ተዛረቡን – ተሰማምዑን

- ተሳተፉ። ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ዓለም ተማሃሩ። ኣብ ክንዲ ምኽልካል ጥራይ፣ ንምንታይ ናይ ቪድዮ ጸወታ ክጻወቱ ይደልዩ ክትርድኡ ፈትኑ።
- ብሓንሳብ ብምኳን ገደብ ኣውጽኡ፣ ነቲ ገደብ ምስ ዘተግብሩዎ ድማ መቐሸሸ ሃብዎም
- ምግናን ኣወግዱ፣ ምስ ደቕኹም ኣብ ትዛረብሉ እዋናት ድማ ከምኒ "ወልፊ ናይ ቪድዮ ጸወታ" ዝብል ቃላት ድማ ኣወግድዎ፣ ምኽንያቱ እዞም ቃላት ብዘይ ጥርጥር ነቲ ዝርርብ ዘበላሽዉ ስለ ዝኾኑ
- ምስ ካልኦት ወለዲ ተዛረቡ፣ ምኽርን ተመክሮን ተለዋወጡ፣ ግን ሓደ ክትዝክርዎ ዘሎኩም ነገር እቲ ንጎረቤትኩም ዝሰርሓሉ ነገር ንዓኹም ዘይክሰርሓልኩም ይኽእል ኢዩ
- ኣብ ነንሕድሕድኩም ተዘራረቡ እምበር ኣይትቋየቑ። እዚ ማለት ወለዲ ሕቶ ክሓቱ፣ ውሉድ ድማ መግለጺ ክህቡ ዕድል ክወሃቦም ማለት ኢዩ።

### ንምግምጋም ዝሕግዙ ሕቶታት

- ኣብ ገዛና ክሳብ ክንደይ ዝኸውን ናይ ጸወታ ግዜ ኣብ መዓልቲ/ሰሙን ኢዩ ፍቑድ፧
- ስለምንታይ ኢና ነቲ ገደብ መሪጽናዮ፧
- ብዛዕባ መጽሓፍቲ ምንባብ ወይ ድማ ምስኣል ንዛረብ ነይርና እንተ ንኸውን እቲ ገደብ ምተቐየረ ዶ፧
- ነቲ ዝወሃብ ናይ ግዜ ገደብ ኩሉ ግዜ ዶ ክንክተሎ ኣሎና ወይስ ስድራቤት እቶም ቆልዑ ኣየኖት ጸወታት ክጻወት ኣሎዎ ብገዛእ ርእሱ ገምጊሙ ክውስን፧ ስለምንታይ ይከኣል፧ ስለምንታይ ኣይከኣልን፧

snakkomspill.no

Medietilsynet
Norwegian Media Authority

The Norwegian Gaming and Foundation Authority